ላትቪያ

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፡

- ዓብዩ ሰብ ኲንካ (ልዕሊ 18 ዓመት)
- ኣብ ላትቪያ ንኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቕባ እውን ይበሃል) ኣመልኪትካ ኣለኻ፣ ሕጂ ድማ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኢኻ ዘለኻ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ? | 3 |
| እንታይ ክትረክብ ኢኻ? | 6 |
| መሰል ክንክን ጥዕና | 7 |
| መሰል ትምህርቲ ንህጻናት | 10 |
| መሰል ስራሕ | 11 |
| ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን | 12 |
| ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኳንካ ዝገልጽ ሰነድ | 13 |
| ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ? | 13 |
| ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሎም ዝኽእለሉ ኩነታት | 18 |
| ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? | 19 |
| ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን? | 20 |
| ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን? | 21 |
| ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን? | 21 |
| ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም | 22 |
| ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም | 23 |
| ዝርዝር መራኸቢ | 24 |


## ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ?

ኣቀባብላ ማለት ሰብ መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ንክምርምሩ ኣብ እትጽበየሉ እዋን እትረኽቦ ደገፍ እዩ። ኣብዛ ብሮሹር ወረቐት ተገሊጹ ዘሎ ናይ ምቕባል መሰላትን ግዴታታትን የጠቓልል።

ኣብ ላቲቪያ፥ ዑቕባ ንዝሓቱ ሰባት ናይ ምቕባልን መዕረፊ ቦታ ናይ ምሃብን ሓላፍነት ዘለዎም ትካላት፥ ሃገራዊ ሓለዋ ዶብን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈትን እዮም።

ነቲ ዘቕረብክምዎ ናይ ዑቕባ ሕቶ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዎ ትካል፥ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት እዩ።

ናይ ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ሰበ-ስልጣን፥ ኣብዚ ብሮሸር ዝቐረበ ሓበሬታ ከም ዝበጻሓኩም ንከተረጋግጹን ንክትፈርሙን ክሓቱኹም እዮም።ዘይተረድኣኩም ዝኾነ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፥ ነቶም ናይ ሃገር ዶብ ሓለዋ ሰበ-ስልጣን ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም።



**ኣብዛ ሃገር ዉሑስ ኢኻ።**

ኣብ ውሽጢ እቲ እትጸንሑሉ እዋን፥ ከከም ኩነታትኩም ተራእዩ፥ ብዛዕባ ዝግበረልኩም ናይ ምቕባል ኣገልግሎታትን ዝወሃበኩም ሓገዛትን ናይ ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ወይ ድማ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሰበ-ስልጣን ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።



ብተወሳኺ ንኻልኦት ትካላት ሓበሬታን ሓገዝን ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ እዚ ብሮሹራት ዝርዝር ትካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



ኣድላዪ ኰይኑ እንተ ተረኺቡ፥ ምስቶም ሰበ-ስልጣን  ብእትርድእዎ ቋንቋ ንክትረዳድኡ **ኣስተርጓሚ** ኽሕግዘኩም እዩ። እቲ ኣስተርጓሚ ዝተዛረብክምዎ ነገር ንኻልእ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣሕሊፉ ኣይህብን/ኣይገልጽን እዩ።

**ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባን ክትክተልዎም ዘለኩም ሕግታትን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ዝተፈላለየ ብሮሹራት ክትረኽቡ ኢኹም።**

**ሕጂ ኣብ ላትቭያ ኢኻ ዘለኻ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

እተን 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቬንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድን።

## ኣቓልቦ!

ኣመልከትቲ ኣብ ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ተመሳሳሊ ናይ ምቕባል መሰልን ግዴታታትን ኣለዎም።

ዑቕባ ንምሕታትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉ እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ካልእ ነገር እንተዘይሓቢሮምኹም **ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኢኹም ክተመዝግቡ ዘለኩም።**

**ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ጥራይ እያ።** ኣብ ላትቭያ ዝርከቡ ሰብ መዚ፣ ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንሕቶ ዑቕባኹም ተሓታቲት ምዃና ንምውሳን መስርሕ ክኽተሉ እዮም።

**ኣብ ውሽጢ ላትቭያ ክትጸንሕ ኣለካ። ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።** ካብታ ሃገር እንተ ወጺእካ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ። ኣብ ላትቭያ ዘሎ መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ። ገለ ናይ መቐበሊ ኣገልግሎታት ድማ ክስረዝ ይኽእል እዩ።

## እንታይ ክትረክብ ኢኻ?

እቶም ሰበ-ስልጣን ነቲ ዘቕረብክምዎ ናይ ኣህጉራዊ ዕቑባ ሕቶኹም ኣብ ዝምርምሩሉ ዘለዉ እዋን፥ ናይ ገንዘብ ዓቕምኹም ኣብ ግምት ብምእታው፥ ኣብ ናይ ዑቕባ ሓተትቲ መቐመጢ ማእከል እንተድኣ ተቐሚጥኩም፥ እዚ ዝስዕብ ክወሃበኩም እዩ፡-



• መጽለሊ



• ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



• ምግቢ



• ክዳውንቲ



• ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

## መሰል ክንክን ጥዕና

እቶም ሰብ መዚ **ዘድሊ ክንክን ጥዕና** ከም እትረኽቡ ከረጋግጹልኩም እዮም። እዚ ንኣብነት ናብ ነርስ ወይ ሓኪም ምብጻሕ፡ ከበድቲ ሕማማትን ሕዱር ኩነታትን መርመራ ምግባር፡ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒትን ደገፍ ጥዕና ኣእምሮን ከጠቓልል ይኽእል።



**ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩካ፣ ነቶም ሰራሕተኛታት ንገሮም።**

ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ ሕክምናዊ ህጹጽ ኩነታት ወይ መጉዳእቲ እንተሃልዩካ፡ ንሰራሕተኛታት ንገሮም ወይ ብነጻ ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ደውል።



ብሓኪም ወይ ብነርስ ናይ ጥዕና ምርመራ ክግበረልኩም እዩ። ንሳቶም ኩነታት ጥዕናኹም ብምግምጋም ሓገዝ ክህቡኹም እዮም። ብዛዕባ ናይ ሕጂ ወይ ናይ ሕሉፍ ሕክምናዊ ኩነታትኩም፥ ናይ ክታበት ታሪኽኩም፥ ከምኡ እውን እትወስድዎም ዘለኹም ዝኾነ ይኹን መድሃኒታት ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም። ብተወሳኺ እውን ብዛዕባ ዘለዉኹም ዝኾነ ይኹን ማህሰይቲታት፥ ስቓይ፥ ሕክምናዊ ኩነታት ወይ ዘሻቕሉኹም ነገራት ክሓቱኹም እዮም።

ኣብ ላቲቪያ፥ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ምስ ተመዝገበን መቐመጢ ቦታ ምስ ተዋህበኩምን፥ ግዴታ ዝኾነ ናይ ዓባይ ሰዓል ምርመራ ክግበረልኩም እዩ።

# ፍሉይ ድሌት እንተሃልዩካ ፍሉይ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።





**ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፡**

- ሓሚምካ ወይ ተጎዲእካ ኣለኻ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትከኮኒ ተኽእሊኪ
- ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ኣባላት ስድራቤት ኣለዉኻ
- ስንክልና ኣለካ (ንኣብነት ድሩት ምንቅስቓስ፣ ናይ ምስማዕ ጸገም፣ ናይ ምርኣይ ጸገም)
- ብቖጻልነት ትጨናነቕ፡ ትሓዝን፡ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ኣብ ሕሉፍ ብዘጋጠመካ ዓመጽ ወይ ስቅያት ትሳቐ ኣለኻ
- ብሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ እትፈልጦ ሰብ ምኽንያት ውሕስነት ኣይስማዓካን ወይ ፍርሓት ይስምዓካ እንተኾይኑ
- ዘይትደልዮ ነገራት ክትገብር ጸኒሕካ ወይ ክትገብር ትግደድ ኣለኻ
- ብሰንኪ እምነትካ፡ ፍቕራዊ ምርጫኻ፡ ኣከዳድናኻ ወይ ኣካይዳኻ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ ይስምዓካ እምተኾይኑ
- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለድኻ በይንኻ ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት መጺእካ እንተኾይንካ።

ፍሉይ ደገፍ ክወሃብ ዝኽእል እቶም ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ወይ ድማ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ፍሉይ ድሌታትኩም ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዩ።





ናይ ሃገር ዶብ ሓለዋ ከምኡ እውን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሰበ-ስልጣን፥ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ንምፍጻም ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም፡-

- **ፍሉይ ድሌታትካ** ንምግምጋም
- **ኣየናይ ፍሉይ ደገፍ** ንዓኻ ዝበለጸ ምኺኑ ንምልላይ።

እዚ ድማ **ገምጋም ናይ ፍሉይ ድሌታት** ይበሃል።

ተርጓሚ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።



**ፍሉይ ደገፍ እንተደሊኹም ኩሉ ግዜ ምስ ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ወይ ድማ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ተራኸቡ።**

እዚ ደገፍ እዚ ሰብ መዚ የድልየካ እዩ ኢሎም ክሳብ ዝሓስቡሉ እዋን ክትረክብ ኢኻ።

ነቲ ሓኪም፣ ነርስን ፍሉያት ሰራሕተኛታትን ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ወይ ድማ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ኣሚንካ ብናጽነት ክትዛረቦም ትኽእል ኢኻ። ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊ ክኸውን እዩ፣ እዚ ብዘይ ስምምዕኩም ንኻልኦት ኣይክካፈልን እዩ ማለት እዩ።

እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ጥራሕ እዩ።

# መሰል ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሎም ህጻናት፥ ኣወዳትን ኣዋልድን ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ፥ ናይ ትምህርቲ መሰል ኣለዎም።

ንኣብነት፥ ነቲ ናይታ ሃገር ወግዓዊ ቋንቋ ኣብ ምምሃር ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።



ኣብ ላቲቪያ፥ ዑቕባ ሓተትቲ ካብ 5 ዓመት ዕድሚኦም ጀሚሮም ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡ ዝኽእሉ ክኸውን ከሎ፥ ከምኡ እውን ናይ መባእታ ትምህርቲ (ክሳብ 18 ዓመት ዕድመ)ን ካልኣይ ብርኪ ትምህርትን ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም።

**ወለዲ፥ ምስቲ ናይ ትምህርቲ ትካል ብምትሕብባር ሓዊስካ፥ ናይ ውሉዶም ትምህርቲ ናይ ምርግጋጽ ግዴታ ኣለዎም።**

# ናይ ስራሕ መሰል

ከም ኩነታትኩም ተራእዩ፥ ኣብ ላቲቪያ ናይ ኣህጉራዊ ዕቑባ ሕቶኹም ካብ ዝምዝገብ ሰለስተ ወርሒ ጸኒሕኩም ንምስራሕ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሰበ-ስልጣን፥ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታትን ኣማኸርትን ብዛዕባ ኣብ ላቲቪያ ተፈጸምቲ ዝኾኑ ሕግታትን መምርሒታትን ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።



ገለ ፍሉያት ኩነታት ኣለዉ፣ ንኣብነት፥ ምስቶም ሰበ-ስልጣን እንተድኣ ዘይተሓባቢርኩም ንክትሰርሑ ኣይፍቀደልኩምን እዩ።



ኩሎም ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመት ዝኾኑ ኣወዳትን ኣዋልድን ንክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን እዩ (ብፍሉይ ኩነታት፥ ካብ 13 ዓመት ዕድመ ጀሚሮም ንክሰርሑ ክፍቀደሎም ይኽእል እዩ)።

## ናይ ቋንቋ ኮርሳትን ሞያዊ ስልጠናን

ከም ኩነታትኩም ተራእዩ፥ ኣብዞም ዝስዕቡ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም፦

- ናይ ቋንቋ ኮርሳት፣
- ብዛዕባ እቲ እትነብሩሉ ሕብረተሰብ (ሕግታትን ባህልን) ዝምልከት ኮርሳት
- ሓደስቲ ክእለታት ንምምሃር ዝሕግዙ ኮርሳት (ሞያዊ ስልጠና)።



እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ እዞም ኮርሳትን መዓስ ክትጅምሮም ከም እትኽእልን ክሕብሩኻ እዮም።

## ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምኳንካ ዝገልጽ ሰነድ



ናይ ዑቕባ ሓታቲ መንነት ሰነድ ዝተባህለ ወግዓዊ ሰነድ ክወሃበኩም እዩ፤ እዚ ሰነድ እዚ ናይ ኣህጉራዊ ዕቑባ ሓታቲ ምኳንኩም ዝገልጽ እዩ። እዚ ሰነድ እዚ ሽምካን ውልቃዊ መረዳእታኻን ክገልጽ እዩ። ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።

እዚ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ኣይኮነን።

ናይ ሃገር ዶብ ሓለዋ፥ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ምስ ተመዝገበ ነቲ ናይ ዑቕባ ሓታቲ መንነት ሰነድ ይህብ።

**ኣቓልቦ!** እዚ ሰነድ ንከይጠፍኣካን ንኻልእ ሰብ ንከይትህቦን ተጠንቀቕ።

## ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ?

ናይ ኣህጉራዊ ዕቑባ ሕቶኹም ኣብ ዝምረመረሉ ዘሎ እዋን እትጸንሑሉ ቦታ ኣብ ብዙሓት ረቛሒታት ዝተመስረተ እዩ።

ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ዘይተወሰነልኩም ወይ ኣብ ፍሉይ ቦታ ንክትጸንሑ ዘይተሓተትኩም እንተድኣ ኰይንኩም፥ ንርእስኹምን ንስድራቤትኩምን እኹል ናይ ገንዘብ ዓቕሚ እንተዘይብልኩም ድማ፥ ኣብቲ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ናይ ዑቕባ ሓተትቲ መቐመጢ ማእከል ቦታ ክወሃበኩም እዩ።

ብተወሳኺ እውን ብናይ ባዕልኹም ወጻኢ ንዓርስኹምን ንስድራቤትኩምን መቐመጢ ቦታ ከተዳልዉ ትኽእሉ ኢኹም። መንግስቲ ነዞም ወጻኢታት እዚኦም ኣይከሸፍንን እዩ።

**ኣበይ ተዓቍብኩም ኣለኹም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፡**



- **ውሑስ ኩን፡** ሰራሕተኛታት ሓዊሱ ዝኾነ ሰብ ከፈራርሓካ፣ ክጸርፈካ ወይ ክጎድኣካ ኣይፍቀደሉን እዩ።



- **ምስ ሰብኣይኪ፡ ምስ ሰበይትኻ፡ ደቅኻን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ወይ ድማ ምስ ሓደ መዓልታዊ ክንክን ዘድልዮ ዓቢ ዘመድካ ጽናሕ**
- መዓልታዊ ክንክን ዘድልየካ ዓቢ ሰብ እንተኾንካ **ምስ ኣዝማድካ ጽናሕ**



- ምስ ኣባላት ስድራቤትካ **ንምዝርራብን ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ድማ ንክትደልዮም ንክትፍትን ሓገዝ ምርካብ።**

**ከም ዝስዕብ ከም ዘጋጠመካ እንተኣሚንካ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡**



- ዝኾነ ካብቶም ሰራሕተኛታት ከም ዘፈራርሓካ፡ ከም ዝጸረፈካ ወይ ዝጎድኣካ እንተኣሚንካ።
- ናይ ሓደ በዓል መዚ ተግባር ወይ ስጉምቲ ዘይምውሳድ ጉድኣት ኣብጺሑልካ እንተድኣ ኰይኑ፤
- መሰረታዊ መሰላትካን መሰረታዊ ድሌታትካን ይማልኡ እንተዘይሃልዮም።

ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ከምኡ እውን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብኸመይ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ከም እትኽእል ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም።


ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ ንኤጀንሲ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

እኹል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ እንተድኣ ሃሊዩካ፥ ሰበ-ስልጣን እውን ኣብ ሓደ ፍሉይ መዕቆቢ ቦታ ክትቕመጥ ውሳነ እንተዘይኣሕሊፎም፥ ኣብ ናይ ውልቀ መቐመጢ ቦታ ክትቕመጥ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምስ ስድራ ቤትካ ወይ ኣዕሩኽትኻ ክትጸንሕ እውን ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ።

እታ ሃገር (መንግስቲ) ኣብ ናይ ውልቀ መቐመጢ ቦታ ናይ ምቕማጥ ወጻኢታት ኣይትሸፍንን እያ።



**ሃገራዊ ሓለዉቲ ዶብ  ኣብ ፍሉይ መንበሪ ክትጸንሕ ከምዘለካ ክውሱንልካ ይኽእሉ/ክውስኑ [ምምራጽ] እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ ብዝርድኣካ ቛንቋ ብጽሑፍ ክፍልጡኻ እዮም።**




ሃገራዊ ሓለዉቲ ዶብ  ኣብዚ ከባቢ ክትጸንሕ ከምዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም፣ ምእንቲ እቲ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ዝምልከት መመልከቲኻ ብቕልጡፍ ክምርመር፣ ወይ ድማ ብምኽንያት ኣብ ማእከላት መቐበሊ ኣጋይሽ ዘሎ ቦታታት።

ኣብ ውሽጢ እዚ ከባቢ (ምምሕዳራዊ ግዝኣት) ብናጽነት ክትንቀሳቐስ ክትክእል ኢኻ።

እዚ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ኣብ ሰነድካ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልካቲ ምኳንካ ከም ዝገልጽ ክጽሓፍ እዩ።

ናብዚ ዞባ ንሓጺር እዋን ክትወጽእ እንተድኣ ደሊኻ፥ ካብ ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ፍቓድ ክትሓትት ኣለካ። ክትወጽእ ክትሓትት እትኽእል ምኽንያታዊ፡ ህጹጽን ከቢድን ስድራቤታዊ ምኽንያታት፡ ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ እትሓድረሉ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ብዘይርከብ ኣድላዪ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምኽንያት ጥራይ እዩ። ሰብ መዚ ንሕቶኻ ክጸድቕዎ ወይ ክየጽድቕዎ ይኽእሉ እዮም።

ሕቶኻ እንተተነጺጉ ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

**ከከም ኩነታትካ፡ ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ እቶም ሰብ መዚ ኣብ ፍሉይ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከምዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።**



**ካብቲ ፍሉይ ቦታ ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ እዩ። ኣብቲ ዝተገልጸ ፍሉይ ቦታ ምህላውካ ብቐጻሊ ክፍትሹ እዮም።**

ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ነዚ ብብዙሕ ምኽንያታት ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡

- ክትሃድም ትኽእለሉ ሓደጋ እንተሃልዩ።
- ካልእ ሃገር ንመመልከቲ ዑቕባኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል እያ ከምኡ'ውን እቶም ሰብ መዚ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ኢሎም እንተሓሲቦም።
- ብዘይ ፍቓድ ካብዛ ሃገር ወጺእካ፡ ተመሊስካ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓደጋ ኣሎ።

**ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ነዚ ውሳነ ብጽሑፍ ብዝርዳእካዮ ቋንቋ ከረድኡኻ እዮም። ነቲ ውሳነ እንተዘይኣኽቢርካዮ ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታኻን ኣሉታዊ ሳዕቤናትካን ክሕብሩኻ እዮም።**

ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

ነቶም ሰብ መዚ ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ኣብ ካልእ ቦታ ንውሱን ግዜ ንኽትጸንሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ሰብ መዚ ንሕቶኻ ክጽድቕዎ ወይ ክየጽድቕዎ ይኽእሉ እዮም። ሕቶኻ እንተተነጺጉ ነዚ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

**ኣቓልቦ!** ኣብ'ዚ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ዝተወሰነ ውሳነን ዝተገብረ ገደባትን እንተዘይኣኽቢርካዮ፡ ዳግማይ ክትሃድም ትኽእል ሓደጋ እንተሃልዩ ድማ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሉ ዝኽእለሉ ኩነታት

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ከለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰብ መዚ ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። እቶም ሰብ መዚ [ሽም እቲ በዓል መዚ] ቅድሚ ምውሳኖም ውልቃዊ ኩነታትካ ኣብ ግምት ክእትዉ እዮም።



ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት፡

- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣየኽበርካን፣ ዳግማይ ክትሃድምን ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ዘይክእሉሉን ሓደጋ ኣሎ።
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተወሲኑልካ ቅድሚ እቲ መስርሕ ምስግጋር ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ እንተልዩ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር እንተኾንካ።

እንተተኣሲርካ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ምቕባል ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?

**ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ክትክተልዎም ዘለኩም ግዴታታት ኣለዉ።**

- ሕጊ እዛ ሃገር ተኸተሉ።
- ኣብ ውሽጢ ላትቪያ ክትጸንሕ ኣለካ፣ ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣይትጓዓዝ።
- ብዘይ ፍቓድ ካብቲ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ (ምምሕዳራዊ ግዝኣት) ወይ ድማ ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕ ኣለካ ዝበሉሉ ፍሉይ ቦታ ኣይትውጻእ።
- ምስ ሰብ መዚ ምሉእ ብምሉእ ምትሕብባር [ሽም ናይቶም ሰበስልጣን ወይ ድማ ኣመልከትቲ ምስ ኩሎም ሰብ መዚ ክተሓባበሩ ኣለዎም ማለት ምዃኑ ሓፈሻዊ በዓል መዚ ምግዳፍ] መምርሒታቶም ድማ ኣኽብር።
- [ኣማራጺ: መንበሪ ገዛ ብዓይነት ዝህብ እንተኾይኑ] ሕግታት ናይቲ እትሓድረሉ ቦታ ኣኽብር።
- [ኣማራጺ: ኣመልከትቲ ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ክጸንሑ እንተኾይኖም] ነቶም ካልኦት ነበርቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ሰባትን ኣኽብሩ።
- ብዛዕባ ዘለካ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ንናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ከምኡ እውን ንናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ከተፍልጥ ኣለካ።
- ኣብ ዝደለዩሉ እዋን ምስኻ ርክብ ክገብሩ ንክኽእሉ፥ ንሓፈሻዊ ኣድራሻኻን መርከቢ ሓበሬታኻን (ቁጽሪ ተለፎን፥ ኢመይል) ከምኡ እውን ንዝኾነ ይኹን ለውጥታት ንናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ከምኡ እውን ንናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈትን ከተፍልጥ የድሊ።

## ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?



ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ከምኡ እውን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ንኩነታትካ ድሕሪ ምግምጋም፥ ገለ ዓይነታት ሓገዛት ንምንካይ ወይ ንምስራዝ ውሳነ ክሕልፉ ይኽእሉ እዮም። ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ከምኡ እውን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብጽሑፍ ክፍልጡኻ እዮም፥ ኣየናይ ሓገዝ ከም ዝንከዩ ወይ ከም ዝሰርዙ እውን ክገልጹልካ እዮም።

### ኣቓልቦ!


**ውሑድ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፤** ንኣብነት፣ እንድሕር፡

- ብዘይ ፍቓድ፣ ብመሰረት ሰበ-ስልጣን ክትቕመጠሉ ዝግባእ ዝተባህለ መልክዓ-ምድራዊ ዞባ ወይ ፤ ፍሉይ ቦታ ገዲፍካ እንተድኣ ወጺኻ፤
- ምስ ሰብ መዚ ኣይትተሓባበርን ኾይንካ፤
- ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ዓቕምኻ ትሕሱ፤
- ሕግታት ናይቲ እትዓርፉሉ ቦታ እንተጥሒስካ፤
- ድሮ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ ካብታ ሃገር እንተ ደአ ወጺእካ፤
- ብዘይ ፍቓድ ካብ ናይ ዑቕባ ሓተትቲ መዕቀቢ ማእከል እንተድኣ ወጺኻ፤
- ናይ ሕጂ ኣድራሻኻ፥ ቁጽሪ ተለፎንካ፥ ወይ ናይ ኢመይል ኣድራሻኻ ሓበሬታ እንተዘይሂብካ።

ኣብ ዓመጽ ዝመልአ ባህሪ እንተተሳቲፍካ፡ ንኻልኦት እንተፈራሪሕካ ወይ ድማ ብተደጋጋሚ ወይ ብዕቱብ መንገዲ ሕግታት ናይቲ እትነብረሉ ቦታ እንተጥሒስካ **ትረኽቦ ዘለኻ ደገፍ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ።** ኣብ ከምዚ ኩነታት ፖሊስ እውን ጣልቃ ክኣትዉ ክጽውዑ ይኽእሉ እዮም።



## ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን?




**ላትቪያ፡-**

- መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+:**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻእኻ ሃገር ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰንካላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኻ ህሞት ጀሚሩ፡ ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረክብን ኢኻ፡ ንኣብነት፡

- ንስኻ **ሓያሎ ዓይነታት ደገፍን ኣገልግሎትን ኣይትረክብን ኢኻ።**
- ስራሕ **ክትሰርሕ ኣይክፍቀደልካን** እዩ።
- **ኣብ ሓድሽ ክእለት ኮርሳት ቋንቋ ወይ ንምምሃር ኣብ ዝወሃቡ ኮርሳት ክትሳተፍ ኣይፍቀደልካን እዩ።**

## ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝወጻእካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣባል ሃገር ምስ ተመለስካ እንታይ ይኸውን?



እቶም ሰብ መዚ ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከም ዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም፣ ሃለዋትካ እውን በበዋኑ ክፍትሹ ይኽእሉ እዮም። ካብቲ ማእከል ብገለ ገደባት ክትወጽእ ክፍቀደልካ ይኽእል እዩ።

## ውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም



ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ከም ሓታቲ መጠን ዘለካ መሰላት ንምድራት እንተድኣ ወሲኖም፥ እዚ ድማ ዘይፍትሓዊ ኮይኑ እንተተሰሚዕካ፥ **ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብለሉ ትኽእል ኢኻ።**

ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ከምዚ ዝስዕብ እንተድኣ ገይሮም ይግባይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፦

- ናይ መንበሪን ካልእ ናይ መቐበሊ ደገፍን መሰል እንተዘይሃልዩካ፤
- ነቲ ዝወሃበካ ናይ መቐበሊ ደገፍ ንምንካይ ወይ ንምስራዝ፤
- ካብ ሓደ ፍሉይ ጂኦግራፊያዊ ዞባ ወይ ፍሉይ ቦታ ንግዚኡ ንምውጻእ ንዝቐረበ ሕቶ ከይቕበሉ እንተድኣ ወሲኖም፤
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ክትጸንሕ ግዴታ ኣለካ (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ከምኡ'ውን ዝተወሰነ ገደብ ሒዝካ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ፤
- ንክትእሰር እንተድኣ ወሲኖም።

ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተተጓዒዝካን ኣብኡ ዝተወሰኑ ናይ ምቕባል መሰላት እንተስኢንካን፡ ነዚ ውሳነ ኣብታ ሃገር ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ላቲቪያ ዝርከቡ ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሰብ መዚ፥ ኣብ ገጽ 20 ዝተገልጹ ኩነታት ምኽንያት ንዓኻ ዝወሃብ ናይ ምቕባል ሓገዝ ንምንካይ ወይ ንምስራዝ እንተድኣ ወሲኖም፥ ዝተወሰኑ መሰላት ክህልዉኻ እዮም። ንኣብነት፥ ሓኪም ወይ ነርስ ክትርእይ፥ ሕክምናዊ ክንክን ክትረክብ፥ ከምኡ እውን ብመሰረት ሰበ-ስልጣን ዝወሰንዎ ከም መግቢ፥ ናይ ጽሬት ኣቕሑትን መዕቆቢ ቦታን ዝኣመሰሉ ዝተወሰኑ ዓይነታት ሓገዛት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

ሰብ መዚ ናይታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዕዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ EU+ ነቲ ዝተዋህበካ ናይ ምቕባል ደገፍ ክስርዝዎ ምስ ዝውስኑ፡ እቲ ገና እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

## ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም



ነቲ ብሰብ መዚ ናይ ምቕባል መሰላትካ ክድርት ዝወሰድዎ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይግባይ ክትብል እንተደሊኻ፡ ከከም ኩነታትካ፡ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እዚ ማለት ኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክሕግዘካ እዩ። ኣማኸርቲ ሕጊ ወይ ጠበቓታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሕጋዊ ሓገዝ ይህቡኻ፣ ንረብሓኻ ይከላኸሉን ካብ ሰብ መዚን ዳኛን ተፅዕኖ ነጻ እዮም።

ብተወሳኺ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ወጻኢታት ንኣማኻሪ ሕጊ ወይ ጠበቓ ክትውክስ ትኽእል ኢኻ።




ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ነቲ ውሳነ ብኸመይ ይግባይ ክትብለሉ ከም እትኽእል ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

# ዝርዝር መራኸቢ

ንስኻን ስድራቤትካን ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ወይ ኣብ እዋን ጻንሖትኩም ደገፍ እንተድኣ ኣድልዩኩም፡ ምስቶም ኣብዚ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

| ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ | |
|---|---|
| | **ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ**<br>ኣድራሻ: Rūdolfa iela 5, Riga<br>ቴሌፎን: +371 67913300<br>ኢመይል: pasts@rs.gov.lv<br>https://www.rs.gov.lv/<br><br>**ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት**<br>ኣድራሻ: Čiekurkalna 1. līnija 1, k-3, Riga<br>ቴሌፎን: +371 67209400<br>ኢመይል: pasts@pmlp.gov.lv<br>https://www.pmlp.gov.lv/ |

ንስኹም ነዞም ትካላት ክትረኽቡዎም እውን ትኽእሉ ኢኹም፣ ምስ ዝስዕቡ ጉዳያት ንዝተኣሳሰሩ ሕቶታት፡

| ሕክምናዊ ደገፍ ምሃብ | |
|---|---|
|  | **ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና**<br>ኣድራሻ: Cēsu iela 31 k-3, entrance 6, Riga<br>ቴሌፎን: +371 80001234<br>ኢመይል: nvd@vmnvd.gov.lv<br>https://www.vmnvd.gov.lv |

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ



**ዝተዋሃሃደ ናይ ነጻ ቅልውላው ህጹጽ መስመር፦ 116 123**

ንዓበይቲ ሰባት ስነ-ኣእምሮኣዊ-ስምዒታዊ ሓገዝ ንምሃብ፥ ከምኡ እውን ምስ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ዝግበር ናይ ነጻ ምኽሪ ክፍለ ግዘታት ንምምዝጋብ ዕድል ንምሃብ ዝተዳለወ እዩ። እቲ ሓገዝ ብላቲቪያኛ፥ እንግሊዘኛን ሩስያኛን ዝወሃብ እዩ።

ተለፎን፦ 116 123

## ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝን ውክልናን



ምምሕዳር ቤት ፍርዲ
ኣድራሻ: Antonijas iela 6, Riga
ቴሌፎን: +371 67063800
ኢመይል: pasts@ta.gov.lv
https://www.ta.gov.lv/

| | |
|---|---|
| **UNHCR (UN ኤጀንሲ ስደተኛታት)** | ኣድራሻ: Antonijas iela 9, Riga<br>ተለፎን፦ +46 10 101 28 00<br>ኢመይል: swest@unhcr.org<br>https://www.unhcr.org/ |
| **ፋውንዴሽን ውህደት ሕብረተሰብ ናይ ኣገልግሎት ማእከል** | ናይ ዓማዊል ማእከላት ኣገልግሎት<br>ኣድራሻታት:<br>Raiņa bulvāris 15, Riga, ቴሌፎን: +371 26959706<br>Rožu iela 6, Liepāja, ቴሌፎን:+371 22811020<br>Ģimnāzijas iela 11, Daugavpils, ቴሌፎን: +371 29557630<br>https://livelatvia.lv/ |
| **ማእከል ሰብኣዊ መሰላት ላቲቪያ** | ኣድራሻ: Alberta iela 13, Riga<br>ተለፎን፦ +371 67039290<br>ኢመይል: office@humanrights.org.lv<br>https://cilvektiesibas.org.lv/ |

ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙኩም ወይ ኣብ ሓደጋ እንተ ኾይንኩም፡ በዚ ቁጽሪ ብነጻ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡



**ናይ ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ፖሊስን፦ 112**

# መዘኻኸሪታተይ

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025